BRITISH COLUMBIA | HealthLinkBC

Tigrigna - Number 18a
July 2019

# ናይ ቲታነስን ናይ ዲፈትሪያን (Td) ክታበት
# Tetanus and Diphtheria (Td) Vaccine

ኣብ ዝሓለፉ 50 ዓመታት ኣብ ካናዳ ካብ ዝተገብሩ ካልኦት ናይ ሕክምና መስርሓት ንላዕሊ፣ ክታበት ህይወት ሰባት ኣድሒኑ እዩ።

## ናይ Td ክታበት እንታይ እዩ፧

ናይ Td ክታበት ካብ 2 ሕማማት ዝከላኸል እዩ:

- Tetanus/ቲታነስ
- Diphtheria/ዲፈትሪያ

እዚ ክታበት ብጥዕና ካናዳ (Health Canada) ዝተረጋገጸ ኮይኑ፡ ብናጻ ድማ እዩ ድማ ዝወሃብ። ቆጸራ ንምትሓዝ ናብ ወሃቢ ክህክን ጥዕና ደውል።

ኣብ ግዜ ቁልዕነት፣ ንቲታነስን ዲፈትሪያን ክትከላኸለሉ እትኽእል መገዲ ምስ ካልእ ክታበት ይድመር፣ ከም ፐርቱሲስ (ከቢድ ሰዓል) ከምኡውን ፖልዮ ዝኣመሰለ ነገራት። እዚኣቶም ብተኸታታሊ ከም ዓቐን መድሃኒት ኮይኖም እዮም ዚወሃቡ። መብዛሕትኦም ቆልዑ ነዚ ኣብ እዋን ዕሸልነትን እግሪ ተኸሊ ሕጻናትን እንከለዉ ይወስድዎ። መዋእለ ህጻናት ቅድሚ ምጅማሮም ከምኡውን ደጊማም ኣብ 9 ክፍሊ መበራትዒ ዓቐን ይወስዱ።

ብዛዕባ ክታበት ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ነዞም ዝስዕቡ ናይ HealthLinkBC ሰነዳት ተመልከት፡

- HealthLinkBC File #15a Tetanus, Diphtheria, Pertussis, Polio (Tdap-IPV) ክታበት
- HealthLinkBC File #15b Diphtheria, Tetanus, Pertussis, Polio, *Haemophilus influenzae* Type b (DTaP-IPV-Hib) ክታበት
- HealthLinkBC File #18c Tetanus, Diphtheria, Pertussis (Tdap) ክታበት
- HealthLinkBC File #105 Diphtheria, Tetanus, Pertussis, Hepatitis B, Polio, and *Haemophilus influenzae* Type b (DTaP-HB-IPV-Hib) ክታበት

## ናይ Td ክታበት መን እዩ ክወስድ ዘለዎ፧

እዚ ክታበት ነቶም ብዉሑዱ 7 ዓመት ዝገበሩ ሰባት ክወሃብ ይከኣል። ኣንጻር ቲታተስን ዲፈትሪያን ኣብ ንእስነቶም ዝወሰዱ ዓበይቲ ሰባት ናይ Td ክትባት መበራትዒ ዓቀን ክታበት ኣብ ነፍሲ ወከፍ 10 ዓመታት ክወስዱ ይግባእ። እዚ ናይ መበራትዒ ዓቀን ክታበት ብዝበለጸ ነዞም ሕማማት ንምክልኻል፣ ነቲ ሕማም ናይ ምክልኻል ስርዓት የጠንክሮን ይውስኽሉን። ተኸቲቦም ዘይፈልጡ ወይ'ድማ ናይ ክታበት መዝገብ ዘይብሎም ዓበይቲ ሰባት ነዚ ክታበት ክወስዱ ይግባእ። እቲ ክታበት ነቶም ከቢድ ቍስሊ ወይ ዓሚቝ ቍስሊ ዘለዎም ሰባት'ውን ክወሃብ ይኽእል ኢዩ፣ እታ ናይ መወዳእታ ናይ ቲታነስ ክታበት ዝወሰዱላ ቅድሚ 5 ዓመት እንተኾይና።

ከም ቍስሊ፡ ምንካስ፡ ምንዳድ ወይ ምጭንዳሕ፡ ዝኣመሰለ ከቢድ ቍስሊ እንተ ኣልዩካ፣ ብኡንብኡ ናብ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ክትከይድ እዩ ዝምከር። ብፍላይ እቲ ቕስሊ ረሳሕ እንተ ኾይኑ እዚ ኣገዳሲ እዩ።

ንዅሉ እቲ እተቐበልካዮ ክታበታት ክትምዝግቦ ኣገዳሲ እዩ።

## እዚ ክታበት እንታይ ረብሓታት ኣለዎ?

እዚ ናይ Td ክታበት እዚ ካብቲ ከቢድን፡ ሓድሓደ ግዜ ሞት ዘስዕብን ሕማማት ቲታነስን ዲፈትሪያን ንምክልኻል እቲ ዝበለጸ መገዲ እዩ።

ክታበት ምስእትወስድ ንኻልኦት' ውን ከተዕቍቦም ትኽእል ኢኻ።

## ድሕሪ እቲ ክታበት እንታይ ዓይነት ሳዕቤን ክፍጠር ይኽእል?

ክታበታት ኣዝዩ ውሑስ ኢዩ። ናይ ቲታነስ ወይ ዲፈትሪያ ሕማም ካብ ምሕማም ነቲ ክታበት ምርካብ ዝሓሸ ኢዩ።

እቲ ልሙድ ሳዕቤን ናይቲ ክትበት ቍስሊ ምስሓይ፣ ምቕያሕ ከምኡውን ሕብጥታት ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ረስኒ ሕማም ርእስን ቃንዛ ጭዋዳታትን፡ውን  ከስዕብ ይኽእል ኢዩ።

> Acetaminophen (ንኣብነት Tylenol®) or ibuprofen* (ንኣብነት Advil®) ንረስኒ ወይ ቃንዛ ክወሃበካ ይኽእል እዩ። ASA (ንኣብነት Aspirin®) ትሕቲ 18 ዓመት ንዝዕድሚኡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ክወሃብ የብሉን ከመይሲ ሕማም Reye

*Ibuprofen መጀመርታ ንኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ኸይተዘረብካ ነቶም ትሕቲ 6 ወርሒ ዝዕድሚኦም ቆልዑ ኽትህቦም የብልካን።

ብዛዕባ Reye Syndrome ዝያዳ ሓበሬታ እንተደሊኻ ኣብዚ ርአ፡HealthLinkBC File #84 Reye Syndrome።

ዝኾነ ይኹን ክታበት ድሕሪ ምውሳድካ ን 15 ደቒቕ ኣብቲ ክሊኒክ ክትጸንሕ ኣድላዪ ኢዩ፡ ከመይሲ ኣናፊላክሲስ (anaphylaxis) ዝበሃል ንህይወት ዘስግእ ቍጥዐ ኣካላት ካብ ሚልዮን ኣብ 1 ሰብ ዝርአ ሳዕቤን ከስዕብ ስለ ዝኽእል ኢዩ።

እዚ ኸኣ ሕማም ቆርበት፣ ሕጽረት ምስትንፋስ ወይ ሕብጥታት ጐረሮ፣ መልሓስ ወይ ከናፍር ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ከምዚ ዓይነት ምልክታት ናይ ኣካላት እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ፡ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ክሕክሞ ድሉው እዩ። ክንክን ህጹጽ ሕክምና ከም እኒ ምምሕዳር eኤፒነፍሪነ (pinephrine) (adrenaline) ከምኡ ውን ብኣምቡላንስ ናብቲ ዝቐረበ ኽፍሊ ህጹጽ ሕክምና ምትሕልላፍን የጠቓልል። ካብቲ ክሊኒክ ምስ ወጻእካ ምልክታት ሕማም እንተድኣ ኣማዕቢልካ ናብዚ ደውል **9-1-1**ወይ ናብ ቍጽሪ ህጹጽ ኵነታት ደውል።

ነቲ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ብዛዕባ ከቢድ ወይ ዘይተጸበኻዮ ሳዕቤን ወትሩ ጸብጻብ ክትህብ ኣሎካ።

## ናይ Td ክታበት መን እዩ ክወስድ ዘይብሉ?

ምስ ኣላዪ ክንክን ጥዕና ተዘራረብ እንተድኣ ንስኻ ወይ ውላድካ ኣቐዲምኩም ዝወሰድኩሞ ዓቐን መድሓኒት Tetanus/ቲታነስ Diphtheria/ዲፈትሪያ ክታበት ወይ ዝኾነ ይኹን መጠን እቲ ክታበት ንህይወትኩም ኣብ ሓደጋ ዘእቱ እንተደኣ ኮይኑ።

እቶም ቲታነስ ዝበሃል ክታበት ካብ ዝረኸቡ ኣብ ውሽጢ 8 ሰሙን Guillain-Barré Syndrome (GBS) ዘርኣዩ ሰባት፣ ካልእ ዝተፈልየ ምኽንያት ኣብዘይህልወሉ እዋን፣ ነቲ ናይ Td ክታበት ክወስዱ የብሎምን። GBS ናይ ኣካላት ድኻምን፡ መልመስቲን፡ ከምጽእ ዝኽእል ሳሕቲ ዝርከብ ኵነታት ኢዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ድሕሪ ረኽሲ እዩ ዘጋጥም፣ እንተኾነ ሳሕቲ ድሕሪ ገለገለ ክታበታት ክፍጠር ይኽእል እዩ።

ብሰንኪ ቍሪ ወይ ካልእ ፈኲስ ሕማም ነቲ ክታበት ምውሳድ ከተደናጕዮ የብልካን። ይኹን እምበር፣ ዘተሓሳስበካ ነገር እንተ ኣልዩካ ምስ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ተዘራረብ።

## ቲታነስን ዲፈትሪያን እንታይ እዮም፧

**ቲታነስ**፣ ብተወሳኺ ሎክጃው ተባሂሉ ውን ዝጽዋዕ፣ ካብ ኣብ ሓመድ ዝርከቡ ባክተሪያ ዝመጽእ ሕማም እዩ። እቶም ባክተርያ ብቑስሊ፡ ብጥባሕ ናብ ቆርበት ኣብ ዝኣትዉሉ እዋን፣ ኣብ ብምሉኡ ኣካላትና ዘሰቑ ምጭባጥ ጭዋዳታት ከምጽእ ዝኽእል መርዚ የዳልዉ። ናይ ምስትንፋስ ጭዋዳታት እንተ ድኣ ተተንኪፉ ኣዝዩ ከቢድ ኢዩ። ብቲታነስ ዝተታሕዙ ካብ 5 ሰባት እቲ 1 ክመውት ይኽእል እዩ።

**ዲፈትሪያ** ብሰንኪ ዲፈትሪያ ባክተርያ ኣብ ኣፍንጫን ጎረሮን ዝፍጠር ከቢድ ሕማም ናይ ረኽሲ እዩ። እቶም ባክተርያ እንጥሾ ብምባል ወይ ብምስዓል ብኣየር፣ ወይ ከኣ ብቐጥታ ምስ ቆርበት ብምትንኻፍ ይመሓላለፉ። እዚ ሕማም እዚ ናይ ምስትንፋስ ጸገም ከስዕብ ይኽእል እዩ። ድኻም ልብን፡ መልመስትን ውንከስዕብ ይኽእል እዩ። ብዲፈትሪያ ዝተታሕዙ ሰባት ካብ 10 ዳርጋ 1 ክሞቱ ይኽእል።

ብምኽንያት እቲ ኣብ ግዜ ቁልዕነት ልሙድ ዝኾነ መደባት ክታበት፣ እዚ ሕማም እዚ ኣብ B.C. ሳሕቲ እዩ ዘጋጥም ዘሎ።

## ናይ ዓበይቲ ንእሽቶ ስምምዕ

ወለድን ሓለውትን ምስ ደቆም ብዛዕባ እቲ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘሎ ስምምዕ ክመያየጡ ይምከር። ትሕቲ 19 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ንነፍሲ ወከፍ ክታበት ዘለዎ ጥቕምን ሳዕቤኑን ክርድእዎ ዝኽእሉን ከምኡውን ክታበት ተዘይወሲዶም ዘሎ ሓደጋ ክርድኡ ዝኽእሉ ነቲ ክታበት ምውሳድ ብሕጋዊ መገዲ ክሰማምዑሉ ወይ ክነጽግዎ ይኽእሉ ኢዮም። ናይ ዓበይቲ ንእሽቶ ስምምዕ ብዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ እንተደሊኻ ናብዚ ርአ፡HealthLinkBC File #119 ሕጊ ሕጻናት፣ ናይ ዓበይቲ ንኣሽቱ ስምምዕን ስርዓተ ምክልኻል ሕማምን።

## ዝያዳ ሓበሬታ እንተደሊኻ፡

ብዛዕባ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ናብዚ ብጻሕ ImmunizeBC ኣብ https://immunizebc.ca/።